*ንኩሉ ኩነታት ዘጠቓልል ሓደ ቅኑዕ ፍታሕ ጥራይ የሎን። ኩሉ ግዜ ሕጕሳት ቈልዑ ክህልዉኹም እቲ ዝበለጸ ምኽሪ፡ ከም ወለዲ መጠን ኣብ ምዕባይ ቈልዑ ንጡፍ ምጂንን ኣብ ጐድኖም ምህላውን እዩ።*

ብወገንና፡ ደቅኹም ጽቡቕ ከም ዘለዉ ንምርግጋጽ ክትጥቀሙሉ እትኽእሉ ሓደ ቅልል ዝበለ መምርሒ ኣዳሊና ኣለና።




*ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።* ሓገዝ ብምሕታት ንውላድኩም ይኹን ንስድራቤትኩም ዝሓሸ መጻኢ ክተውሕሱ ትኽእሉ ኢኹም።
ሓገዝ ምሕታት ዘሕፍር ወይ ሓደገኛ ነገር ኣይኮነን። ሓገዝ ክትሓቱ ከለኹም ንቱዕ ኣቦ ወይ ንፍዕቲ ኣደ ምኳንኩም'ዩ ዝሕብር። ንኹላትና ሓገዝ ዘድልየና እዋን ኣሎ።

*ስክፍታ ኣብ ዝህልወኩም እዋን ምስ'ዞም ዝስዕቡ ክትራኸቡ ትኽእሉ፡*

| |
|---|
| ሚልዮቴራፐውት (Miljøterapeut)፡ ናይ ክፍሊ መምህር ወይ ኣብ መባእታዊ ቤትትምህርቲ ሓላፊት ክንክን ጥዕና (ነርሲ)። |
| ጉጅለ ስድራ-ቤት (FABU) ቍጽሪ ቴለፎን፡- 905 08 858 |
| ቑጽሪ ቴሌፎን ናይ ደገ ርክባት (FABU) ፡- 905 08 671 |
| ግልጋሎት ድሕነት ቆልዑት (ናይ ህጹጽ ጊዜ ቴሌፎን)፡- 46 47 34 01 |
| ቑጽሪ ቴሌፎን ታረኛ ግልጋሎት ድሕነት ቆልዑት፡- 64 99 32 70 |
| ናይ ህጹጽ ጊዜ ቍጽሪ ቴለፎን ንቖልዑት፡ መንእሰያትን ወለድን፡- 116 111 |
| Politi.no ናይ ፖሊስ ቁጽሪ ቴሌፎን፡- 02800 |
| ung.no |
| utveier.no |
| forebygging.no |

*እቲ ዘተ፡ ምኽሪ፡ ምክትታላዊ ዝርርብ ምግባርን ምስቲ ብድሆታት ናይ ንኡስ ዝዕድመኦም መንእሰያት ኵነታትን ዝዛመድ እዩ።*

© 2019 ኣብ ባሩም ትካላት ምቕባል ስደተኛታት

# ናይ ወለዲ ኣማኻሪ

## - ካብ ወለዲ፡ ንወለዲ



*ንስኻትኩም ከም ወለዲ/መጉዚ/ት መጠን ደቅኹም ኣብ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘለዎ ከባቢ ንኸይኣትዉ እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ?*

ULLENSAKER KOMMUNE
SLT Samordning av lokale kriminalitetsforebyggende tiltak
POLITIET

## ቀጠልያ

- ኣፍልጦ ናይ ቤትትምህርቲን መጽናዕቲ ትምህርቲ/ ዕዮ ገዛን ኣሎኩም። ንካልኦት ወለዲ ትፈልጡዎም ኣብ ኣኼባታት ቤትትምህርቲ ኸኣ ትሳተፉ።
- ንውላድኩም ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ትምህርቲ ብኸመይ ከም ተበርትዑዎ ኣፍልጦ ኣሎኩም።
- ናይ ውላድኩም ኣዕሩኽን/መሓዙትን ወለዶምን ትፈልጡዎም።
- ውላድኩም ኣብ ናጻ ግዜኡ ይኹን ኣብ ናይ ቤትትምህርቲ ዕረፍቲ ግዜ ብንጥፍነት ይጥቀመሉ፡ ወለዲ ኸኣ ኣብቲ ንጥፈታት ውላድኩም ተሳተፍቲ ኢኹም።
- ምስ ደቅኹም ብዙሕ ግዜ ብሓንሳብ ተሕልፉ፡ ምስኣቶም ኣብ ትህልዉሉ እዋን ድማ ሕጉሳት ኢኹም።
- ውላድኩም ኣብ ኢንተርኔት ይኹን ኣብ ሞባይል እንታይ ከም ዝገብር/ትገብር ኣፍልጦ ኣሎኩም።
- ደቅኹም ካልኦት ተመሃሮ ዝድህልዎም እንተኾይኖም ወይ ከኣ ንሳቶም ንካልኦት ዝድህሉ እንተኾይኖም እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም ትፈልጡ ኢኹም።
- ብዛዕባ ስድራኹም ስክፍታ ምስ ዝህልወኩም ብኸመይ ኣገባብ ሓገዝ ክትረክቡ ከም ትኽእሉ ኣፍልጦ ኣሎኩም።

**ዝኾነ ዘስክፍ ምኽንያት የብልኩምን።**

## ብጫ

- ኣፍልጦኹም ብዛዕባ ቤትትምህርቲ፡ ዓይነታት ትምህርትን ካልኦት ወለድን ኣሉታዊ እዩ።
- ናይ ውላድኩም ነጥቢ ንምምሕያሽ ኣበይ ሓገዝ ክትረኽቡ ከም ትኽእሉ ኣይትፈልጡን።
- ናይ ውላድኩም ኣዕሩኽ/መሓዙት ኣይትፈልጡዎምን።
- ውላድኩም ኣብ ግዜ ዕረፍቲ እንታይ ከም ዝገብር/ትገብር ኣይትፈልጡን።
- ምስ ውላድኩም ኣብ ናጻ ግዜ ወይ ኣብ ናይ ትምህርቲ ዕረፍቲ ግዜ ውሑድ ግዜ ጥራይ ትርከቡ።
- ደቅኹም ኣብ ኢንተርኔት ወይ ኣብ ሞባይል እንታይ ከም ዝገብሩ ኣይትፈልጡን።
- ደቅኹም ኣብ ጠባዮም፡ ኣከዳድናኦም ይኹን ኣዘራርባኦም ለውጢ ክገብሩ ከለዉ ተስተብህሉ ግን ስለምንታይ ከምኡ ከም ዝገበሩ ኣይትፈልጡን።
- ውላድኩም ኣብ ዝተባህሎ/ዝተባህላ ናይ ቈጸራ ግዜ ንገዛ ኣይመጽእን/ ኣይትመጽእን።
- ናይ ውላድኩም ብኵራት ኣብ ቤትትምህርቲ ክብ ይብል።
- ውላድኩምን ንስኹምን ትገብሩዎ ዝርርብ ውሒዱ ከም ዘሎ ተስተብህሉ።

**እዚ ዘሰክፍ ኩነታት እዩ። ምስ ውላድኩም ተዘራረቡ፡ ምኽርን መምርሕን ድማ ሕተቱ።**

## ቀይሕ

- ምስ ቤትትምህርቲ ይኹን ወለዲ ተመሃሮ ወይ ድማ ኣዕሩኽ/መሓዙት ውላድኩም ዝኾነ ርክብ የብልኩምን።
- ውላድኩም ምሳኹም ርክብ የወግድ/ተወግድ፡ እቲ ዝነግረኩም ነገራት ድማ ሓሶት ምዃኑ ትፈልጡ ።
- ደቅኹም  ንስኻትኩም ብዘይሃብኩሞም  ገንዘብ  ዝተገዝአ ነገራት ሒዞም ትርእዩዎም።
- ውላድኩም ኣብ ዝተባህሎ/ዝተባህላ ናይ ቈጸራ ግዜ ንገዛ ኣይመጽእን/ ኣይትመጽእን።
- ውላድኩም ኣብ ቤትትምህርቲ ብዙሕ ብኵራት ኣለዎ/ኣለዋ።
- ውላድኩም ኣብ ሓጺር ግዜ ብዙሕ ናይ ጠባይ ምቅይያር ኣርእዩ/ኣርእያ።
- ውላድኩም ብዘይ ትፈልጡዎ ምኽንያት ብዙሕ ግዜ ኣብ ኦስሎ ይርአ/ ትርአ።

**እዚ ኣዝዩ ዘሰክፍ ኩነታት እዩ። ሓገዝን ምኽርን ክትረኽቡ ምሕታት ግዜ ኣይትቕተሉ/ኣይትጸበዩ።**